Bayerisches Staatsministerium für
Gesundheit und Pflege

## ናይ ጥዕና ምርመራኹም ብዝምልከት ዘድሊ ሓበሬታ

ኩሎም ዑቕባ ዝሓተቱ ውልቀ ሰባት ኣቐዲሞም ናይ ጥዕና ምርመራ ይገብሩ ምኽንያቱ ዝኾነ ተላጋቢ ሕማም እንተለዎም ንምፍላጥ እሞ ምስዝህልዎም ድማ እቲ ዘድሊ ሕክምና ጌሮም ክሕከሙ ከምዝኽእሉ ምግባር። እዚ ከምዚ ዓይነት ናይ ጥዕና ምርመር ናይ ምግባር ጉዳይ ብሕጊ መሰረት ናይ ግዴታ ኢዩ (ዓንቀጽ 62 ናይ ኣሳይልም መጽሓፍ ሕጊ/§ 62 Asylgesetz) ብነጻ ድማ ኢዩ ዝግበር። እንተድኣ ዘኾነ ዑቕባ ዝሓተተ ውልቀ ሰብ ነዚ ብመሰረት ዓንቀጽ 62 ናይ ኣሳይለም መጽሓፍ ሕጊ ዝብሎ ናይ ጥዕና ምርመራ ምግባር ኣብዩ እቲ ዝምልከቶ ናይ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት እቲ ክግበር ዘለዎ ምርመራ ኣገዲዱ ከግብሮ ይኽእል ኢዩ።

ኣብዚ ዝግበር ናይ ጥዕና ምርመራ ካባኹም ዝተወሰነ ናይ ጥዕናኻ ኹነታት ዝገልጽ ሓበሬት ይምዝገብ (ማለት እቲ ውጺኢት ናይቲ ዝተገብረ ናይ ሳንቡእ፣ ናይ ደም፣ ከምኡ'ውን ናይ ቀልቀል ምርመራ ዘጠቓልል ይኸውን)። እዚ ውጽኢት ናይዚ ምርመራ እዚ እንተድኣ ተላጋቢ ሕማም ኣሎኩም ኮይኑ ብዝቐልጠፈ ግዜ ምልክት ክህብ ይኽእል ኢዩ ስለዚ ከምዚ ዓይነት ሕማም ምስዝርከብ ብዝቐልጠ ግዜ ድማ ሕክምና ክግበር ይከኣል ኢዩ ፣ እንተድኣ ተሓኪሙ ድማ ንኻልእ ሰብ ንኸይላገቦ ብዝበለጸ ክትከላኸሎ ትኽእል ማለት ኢዩ።

እቲ ውጽኢት ናይቲ ዝተገብረ ምርመራ ድማ ነቲ ናይ ምምዳብን ምምሕዳርን ዝምልከቶ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ሓበሬታ ይተሓላለፍ። እንተድኣ ተላጋቢ ሕማም ከምዘለኩም ተፈሊጡ ይሕበረኩም እሞ ድሕሪኡ'ውን ሕክምና ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ'ውን ኣብቲ ንስኹም እትቕመጠሉ ቦታ ዘሎ ዝምልከቶ ናይ ክፍሊ ጥዕና መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ሓበሬታ ይተሓላለፍ (ብመሰረት ዓንቐጽ 62 ናይ ኣሳይለም ዝሕግግ መጽሓፍ ሕጊን ከምኡ'ውን ዓንቀጽ 25፣ 28 ናይ ተላጋቢ ሕማም ንምክልኻል ዝሕግግ መጽሓፍ ሕጊ/ § 62 Asylgesetz und §§ 25, 28 Infektionsschutzgesetz)። እቲ ዝተረኽበ ሕማም ብዝርዝር ዝገልጽ ጽሑፍ ክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ ንዓኹም ድማ ናቱ ቅዳሕ ንኽወሃበካ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

### ናይ ሳንቡእ ምርመራ (ራጂ)

(ተላጋቢ ሕማም ኣለካን ዘይብልካን ምኺኑ ንምፍላጥ ኣብ መበል 15 ዓመት ዕድሜኻ ምስ መላእኻ ዝግበር ናይ ሳንቡእ ምርመራ)

- ዓባይ ሰዓል ተላጋቢ ሕማም ዝኾነ ናይ ሳንቡእ ሕማም ኮይኑ እንተድኣ ሕክምና ዘይተገብረ ነቲ ሳንቡእ ኣባላሽዩ ኣብ ናይ ሞት ሓደጋ ከብጽሕ ዝኽእል ሕማም ኢዩ። እቲ ሕማም መብዝሕትኡ ግዜ ክጅምር ከሎ ዝሰማዓካ ቃንዛ የልቦን ዳሓር ግን ከስዕለካ ይጅምር እሞ ናይ ክብደት ምቕናስ ሳዕቤን የምጽእ ወይ ድማ ብዙሕ የርሀጸካ። ናይ ዓባይ ሰዓል ሕማም ብራጂ ተራእዩ ክፍለጥ ይኽእል ኢዩ፣ ምስተፈልጠ'ውን መድሃኒት ብምውሳድ ክሓውይ ይኽእል ኢዩ። ናይ ዓባይ ሰዓል ሕማም ከይተፈልጠ እንድሕር ጸኒሑ ናብ ኻልኦት ናይ ኣካላት ክፍሊ ሰጊሩ ብምሕማም ንሓዋሩ ዝይለግስ ናይ ጥዕና ምብልሻዋት ከስዕብ ይኽእል ኢዩ። ስለዚ ኣቐዲምካ ብራጂ ተራኢኻ ንኽትፈልጦ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ።
- ነብሰ ጾር ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ወይ ቆልዑትን ኣብ ክንዲ ራጂ ጌርካ ምርመራ ምግባር ብናይ ደም ምርመራ ጌሮም ክምርመሩ ይኽእሉ ኢዮም። (IGRA-Test).

### ናይ ደም ምርመራ

(ተላጋቢ ሕማም ኣብ ደም ወይ ኣብ ሰሊም ከብዲ )

- ወይቦ (Hepatitis B): ሓደ ብቫይረስ ዝተሓላለፍ ተላጋቢ ሕማም ኮይኑ ብደም ወይ ስጋዊ ርክባት ምስእትገብር ክተሓላለፍ ዝኽእል ሕማም ኢዩ። እዚ ሕማም እዚ ኣብ ጸሊም ከብዲ ናይ ምቅጻል ስሚዒት የስዕብ።
- ኤች.ኣይ.ቪ. I ን II: ሓደ ብቫይረስ ዝተሓላለፍ ተላጋቢ ሕማም ኮይኑ ብደም ወይ ስጋዊ ርክባት ምስእትገብር ክተሓላለፍ ዝኽእል ሕማም ኢዩ። ናይ ኤይድስ (AIDS (acquiredimmunodeficiencysyndrome)) ሕማም ድማ ከስዕብ ይኽእል ኢዩ። እዚ ሕማም እዚ እንተዘይተሓኪምካዮ ኣብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ሕማም ኢዩ።

Bayerisches Staatsministerium für
Gesundheit und Pflege

## ብሓደ ዝተወሰነ ምኽንያት ዝግበር ናይ ቀልቀል ምርመራ

(ተላጋቢ ሕማም ኣብ መዓንጣ ከጋጥም ዝኽእል)፣ ንኣብነት ምስ ካልኦት  ውጽኣት ዝሓመሙ ወይ ካልእ ናይ ሕማም ምልክት ዘለዎም ሰባት ርክባት ምስእትገብሩ ከጋጥም ይኽእል።

- ትፔ ሩህር-ጉጅለ (TPE-Ruhr-Gruppe) :ናይ ውጽኣት ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተሪያ ንምርካብ ዝግበር ምርመራ።
- ኣብ መዓንጣ ዝርከቡ ጽግዕተኛ ባልዕ  (ንኣብነት ሓሳኹ)።

## ክታበት

ካብቶም ኣለው ዝበሃሉ ሕማም ንምክልኻል ዝገበሩ ሕክምናታት እቲ ዝዓበየ ኣስተዋኦ ዘለዎ ናይ ምክልኻ ሕክምና ኢዩ።
ካብ ተላገብቲ ሕማማት ክከላኸለልና ይኽእል ኢዩ።

- እንተድኣ ንዓኹምን ንስድራቤትኩም ክታበት ብምግባር ካብ ተላገብቲ ሕማማት ንኣብነት ከም ካብ ሕማም ንፍዮ ክትከላኸሉ ደሊኹም ብኽብረትኩም ነቶም ኣብቲ እትቕመጥሉ ዘለኹም ቦታ ዘለዉ ናይ ሓለዋ ጥዕና ዝምልከቶም ሰብ መዚ ወይ ኣብቲ ከባቢኹም ዝርከብ ሓኪም ክትውክሱ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ዝግበር ክታበት ንዓኹም ብነጻ ኢዩ ዝግበር።

ናይ ጥዕና ምርመራኹም ብዝምልከት ዘድሊ ሓበሬታ



### ናይ ሳንቡእ ምርመራ (ራጂ)

ንሳንቡእ ብራጂ ጌርካ ምስኣል
ካብ 15 ዓመት ዕድሜኻ ምስ መላእኻ
(ንቖልዑት ወይ ንነብሰ ጾር ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ናይ ደም ምርመራ ምግባር)



### ናይ ደም ምርመራ

15 ዓመት ዕድሜኻ ምስ መላእኻ: ወይቦ (Hepatitis B)፣ ኤች.ኣይ.ቪ I ን II
ንቖልዑት ወይ ንነብሰ ጾር ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ናይ ዓባይ ሰዓል ዝግበር ምርመራ



### ብሓደ ዝተወሰነ ምኽንያት ዝግበር ናይ ቀልቀል ምርመራ

ብሓደ ምኽንያት ኣብ መዓንጣ ዝወጹ ጀርም (ሕማም ዘምጽእ ተህዋስ) ወይ ምናልባት ድማ ኣብ መዓንጣ ዝወጹ ጽግዕተኛ ሓሳኹ (ፓራሳይት) ንምርካብ ዝግበር፣
ንኣብነት ሕማም ውጽኣት ምስዘጋጥም



### ክታበት

ንኹሎም ውቕባ ዝሓተቱ ብነጻ ገንዘብ ከይከፈልካ ዝግበር


ሕታም

ኣዳላዊ: Bayerisches Staatsministerium für Gesundheit und Pflege
Haidenauplatz 1, 81667 München
www.stmgp.bayern.de
ዝተዳለወሉ ዕለት: ሕዳር 2015
ናይ ጽሑፍ መለለዪ ቁጽሪ: stmgp_asyl_008

ኣቀማምጣ: CMS – Cross Media Solutions GmbH, Würzburg
ስእላዊ መግለጺ: fotolia.com: Alexandra Gl; annzakharchenko
ሓታማይ: Druckerei Schmerbeck GmbH, Tiefenbach